**ሽማግለ ሃገራዊ ምልዕዓል ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ፐርዝ ኣውስትራሊያ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣንጻር መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ዝጀመረቶ ናይ ምቅላዕን ምምካትን መደብ ትቕጽል፡-**

ሽማግለ ሃገራዊ ምልዕዓል ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ብዝተወደበ ኣገባብ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣንጻር ሓደ ሰባዊ መንግስታዊ ናይ ጥፉኣት ጉጅለ ተካይዶ ዘላ መደብ፡ ነታ ምስ ጉጅለ ህግደፍ ብሽርክነት ኣብ ዕደና ፖታሽ ትነጥፍ ዘላ ኣብ ፐረዝ ኣውስትራሊያ ዝመደበራ ካምባኒ ናይ ምቅላዕን ብሕጊ ናይ ምኽሳስን ወፍሪ ከም ዝጀመረት ካብ ኣውስትራሊያ ዝመጽአና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ፐርዝ ኣውስይራሊያን ከባቢኣን እትነጥፍ ሽማግለ ሃገራዊ ምልዕዓል ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብሰለስተ ምሁራትን ምኩራትን ተቓለስትን እናተመርሐት፡ ዕደና ፖታሽ ብኣገባብ እንተዘይተታሒዙ ኣብ መተንፈሲ ኣካላት ኮነ ቆርበት ሰብ ዘብጽሖ ብቐሊል ዘይሓዊ ጥዕናዊ ጸገም፡ ከምኡ'ውን ልክዕ ከምተን ካልኦት ምስ መንግስቲ ህግደፍ ብሽርክና ዝሰርሓ ኩባኒያታት ዕደና፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ መንእሰይ ዝፍጽማኦ ባርነታዊ ዕዮ፡ ተመሳሳሊ ተግባር ኣብ ምፍጻም እትርከብ፡ ኣውስትራሊያዊት ኩባኒያ፡ ኣድላዪ ሰነዳዊ መርተዖ ብምእካብ፡ መጀመርያ ኣብ ማሕበረ-ሰብ ኣውስትራሊያ፡ ብምቅጻል ኣብ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ንምቅላዓን ብሕጋዊ ኣገባብ ንምሓታታን ዘኽእል መደባት ሒዛ ትሰርሕ ከም ዘላ፡ እቲ ናብ ኩሉኹም ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሓበራ ድሙቕ ሰላምታ ብምቕዳም ነዚ ሓጺር ግን ከኣ ረዚን መልእኽትና ከተቃልሑልና ንሓትት ብዝብል ዝመጸና መልእኽቲ ኣረዲኡ።

እዚ ናይ ምቅላዕን ብሕጊ ናይ ምሕታትን ዝተጀመረ መስርሕ ኣብ'ቲ ዝተደልየ ሸቶ ክሳብ ዝበጽሕ፡ በቶም ሰለሰተ ምሁራትን ግዱሳትን ተቓለስቲ ብማዕከናት ዜና ሰፊሕ ናይ ምቅላዕ መደባት ክካየድ፡ ምስ መንግስታውያን ኮነ ዘይመንግስታውያን ትካላትን ማሕበራትን ብኣካል ብምርኻብ እቲ ናይ ዕደና ኩባኒያ ምስ ጉጅለ ህግደፍ ብዘለዎ ሽርክና፡ ማሕበረ-ሰብ ኣውስትራሊያ በጺሕዎ ምስ ዘሎ ስልጣኔን ኣብ ክብረት ሰብኣዊ መሰላት ዘለዎ ኣብነታዊ ኣገንዝቦን ኣተሓሕዛን ዘይከይድ፡ ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ንምርዳእ ጭቡጥ መደባት ተታሒዙ ከም ዘሎን ሽማግለ ሃገራዊ ምልዕዓል ኤርትራ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ፐርዝ ኣውስትራሊያ ሓቢሩ።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 01-10-2018